ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ

جبهة الإنقاذ الوطني الإرترية

**ERITREAN NATIONAL SALVATION FRONT**

---

## ቅሉዕ መልእክቲ ናብ ኣሰናዳእቲ መበል 34 ዓመት ፈስቲቫል ካሰል ፍራንክፈርት




*ኣብ ውሽጢ እዚ ዝሓለፈ ሰሙናት ኩሉ ዓቕሚ ረኺቡ ንመራኸቢ ብዙሓን ይኹን ንመርበብ ሓበሬታታት ዝከታተል ፡ መበል 34 ዓመት ፈስቲቫል ካሰል ብሓልዮት ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውሒ ኣብ ከተማ ፍራንክፈርት ክካየድ ምዃኑ ዝሕብር ስእላዊ መልእኽቲ ተመልኪትና።*

*ንዓና ከም ኣባላት ውድብ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ብዙሕ ዘገረመ መጸዋዕታ ምዃኑ ንኩሉ ደላይ ፍትሕን ኣብ ሃገርና ኤርትራ ዲሞክራስያዊ ለውጢ ንምርግጋጽ ኣብ ቃልሲ ዝርከብ ሰፊሕ ህዝብናን ንሕብር። ከም ኣባላት ንፈልጦን ብዕግበት ተቐቢልና ክንቃለሰሉ ዝጸናሕና ጉዳይ እንተ ጸኒሑ ኣብ ዝሓለፈ ግዜ፡ ፈስቲባል ካስል ሓንሳብ ንኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ፡ ቀጺሉ ወን ንሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ክዋሃብ ብመሪሕነታትና ኣብ ዝተወሰነሉ ፡ኣብቲ ግዜ ዲሞክራስያዊ ጥርናፈ ዓዚዙና ዝሓለፈ ውሳኔ ዘይቕኑዕ ምዃኑ ኣመዝጊብና ሓሊፍናዮ ኢና። ድሕሪ ፈስቲባልና ንሓደ ገለ ዓመታት ብውሳኔ ከይተሳላሰለ ድሕሪ ምጽናሕ ፡ ኣገዳስነት ፈስቲባል ካሰል ዕዙዝ ምዃኑ ኣብ ዝተራእየሉ ዝባኸነ ግዜን ዝተፈጸሙ ጉጉያት ውሳኔታትን ድሕሪ ምምዛን*

*ዝሰፍሔ መሰረታት ውድብ ኣብ ዝተሳተፎ ሰሚናር ኣውሮጳ ድሕሪ ሕጂ ፈስቲባል ካስል ንዝኮነ ሰልፊ ወይ ውድብ ዝዋሃብ ነገር ከም ዘይኮነ ዘንበርናዮ ነጥበ ስምምዕ ኣስፊርና ከም ዝወጻእና ኩሉ ኣባል ዝምስክሮ እዩ።*

*ብፍላይ ንዛ ጉዳይ ብዝምልከት መሪሕነታዊ ጉድለታት ንድሕሪት ገዲፍና ንመበል 34 ዓመት ከም ወትሩ ብሓልዮት ኣባላትን ፈተውቲ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ከነብዕሎን ፡ ክህሉ ዝኽእል ውሽጣዊ ውድባዊ ጸገማትና እንተሎ ክምቲ ልሙድ ብመልክዕ ሰሚናር ክንፈትሖ እናተጸበና ። ዝሰፍሐ መሰረታት ውድብሲ ይትረፍ ኣባላት መሪሕነት ብዕሊ ተዛትዮም ውሳነ ዘየሕለፍሉ ፡ ብመንገዲ መርበብ ሓበሬታ ነቲ ብሓባር ተሳማሚዕና ክንሕልዎን ክንካላኸለሉን መብጸዓ ዝኣተናሉ ታሪኽ ፈስቲባል ካሰል ፡ ንሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ተዋሂቡ ምስማዕና ዘሕዝን ተረኺቦ ኣብ ልዕሊ ምኳኑ ፡ እዚ ክካየድ ተመዲቡ ዘሎ ፈስቲባል ንዓና ከም ኣባላት ውድብ ዝውክልን ዝምልከትን ጉዳይ ከም ዘይኮነ ንመላእ ህዝብናን ፈተውቲ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራን ንሕብር።*

*ንጉዳይ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ብዝምልከት እንተኾይኑ ድማ፡ ካብ ሓደ ውድብ ንላዕሊ ዝተሰከመ ነብሱ ዝኸኣለ ሰፊሕ ሃገራዊ ጽላል ስለ ዝኮነ ፡ ፈስቲባል ይኹን ጽንብል ባዓላት ወይውን ሰሚናራት ክገብር ዲሞክራስያዊ መሰሉ ምኳኑ ዘየማትእ ጉዳይ 'ዩ ። ይኹን እምበር እቲ ብስም ሓደ ውድብ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ን34 ዓመት ዝኣክል ተወሊዑ ክበርህ ዝጸንሔ ሽግ ናይ ቃልሲ ምስ ዕድመ ምምስራት ጽላል ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ዝወሃሃድ ስለ ዘይኮነ፡ ንታሪኹን ዕድመ ሐባራዊ ቃልሱን ብዘንጸባርቕ መጸዋዕታ ክገብር፡ እቲ ዝበለጸን ቅንዕና ዘለዎን ዕድመን ኮይኑ ፡ ንዓና ይኹን ንኩሉ ደላይ ለውጢ ዝጥርንፍ ሰፊሕ ፈስቲባል ክሰላስል ዝሐሸ ምንባሩ ክንሕብር ንፈቱ። ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስናዮ ቅድሚ ገለ ዓመታት ንፈስቲባል ካልስ ቐዳማይ ፈስቲባል ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ኢሉ ሰምይዎ ዝነበረ ሕጂው መቐጸልታ ናይቲ ዝሐለፈ ጻዕሪ 2ይ ፈስቲባል ብማለት ክሰርሑ ዝግባእ ምኳኑ፡ ኩሉ ነዚ ዕድመ ዘንበበ ዝብሎ ዘሎ ምኳኑ ክንሕብር ንፈቱ። ንፈሲቫል ካልስ ከም ዕዱማት ይኹኑ፡ ወይ ነቲ ናይ ፈስቲቫል ካልስ ዲሞክራስያዊ ባህርያት ተጠቒሞም መልእክቶም ንምምሕልላፍ ክጥቐምሉ ዝጸንሑ ኣሕዋት ውድባት ታሪኽና ክብሉሉ ዘይክእሉ ሐቅነት ስለ ዘሎ ፡ ናይ ዋንነት ስምዒት ዝሐቖፈ ታሪኽ ንምንዳቕ ኣካሉ ኮይኖም ዝነደቅዎ ታሪክ ብንጽህናን ክጅምሩ ንጽውዕ።*

*ስለዚ መን ገይርዎን ብመን የንቀሳቀስ ኣሎን ብዘየገድስ ነዚ ዝፍጽሙ ዘለዉ ሰባት ኣብ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ይሃልዉ ኣይሃልዉ እዚ ጉዳይ እዚ ኩኑን ስለዝኾነ ህዝቢ መታን ክፈልጥ ንሕና መሰልናን ጉቡእናን ስለዝኾነ ስጋብ ዝኣክል ኣብ ምቅላዑን ጎስጋስ ምክያድን ክንቅጽል ምኻና ነረጋግጽ።*

*ኣብ መጨረሽታ ውድብና ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ሐደ ኣካል ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ እምበር ልዕሊ ዝኮነ ይኹን ኣባል እዚ ጽላል ሕሊፉ ዘለዎ ውድብ ከም ዘይኮነ ኣጸቢቕና ስለ ንፈልጥ ፡ ንረብሓ እዚ ሃገራዊ ጽላል'ዚ ግን ውድብ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ህያው ኮይኑ ኣብ ዝካየድ ዘሎ ፍትሐዊ ቃልሲ ዝላዓለ እጃሙ ካብ ምብርካት ዝጎስዩ ዘለዉ ተግባራት መሪሕነትና ጠጠው ንክብሉ ንጽውዕ።*

***ኣባላት ውድብ ግንባር ሃገራዊ ሕነት ኤርትራ***

***03/08/2019***